# ስርዓተ ኣምልኮ ተዋህዶ ቤተክርስትያን

ታሕሳስ 4ይ ሰንበት (ግእዝ)

ናይ ዕለቱ ምንባባት ወንጌልን ምስባክን (ዘመነ ስብከት፤ ካብ ታሕሳስ 7 - ታሕሳስ 26 ግእዝ)

1ይ ዲያቆን:- ሮሜ፣ 13፣11-14 (Romans)
2ይ ንፍቅ ዲያቆን:- 1ይ ዮሃ 1፣ 1-10 (1st John)
2ይ ካህን:- ግብ 26፣12-19 (Acts)
1ይ ካህን:- ዮሃ 1፡1 -19 (John)
**መዝሙር ዳዊት:-** *ፈኑ ብርሃነከ ወጽድቀከ፣ እማንቱ ይምርሓኒ ወይሰዳኒ ደብረ መቅደስከ ወውስተ ኣብያቲከ እግዚኦ።* “Send out your light and your truth; let them lead me; let them bring me to your holy hill and to your dwelling!” Psalms 43:3-4.

**ቅዳሴ:- ኣትናቴዎስ**
**መዝሙር ዳዊት:-** *ብርሃንካን ሓቅኻን ልኣኽ፣ ንሳተን ይምርሓኒ፣ ናብ ቅድስቲ ኸረንካን ናብ ማሕደራትካን የብጽሓኒ።* መዝ 43፡3-4.

## ሓቀኛ ብርሃን

ካብ 7 ታሕሳስ ክሳብ 26 ታሕሳስ (ግእዝ) ዘሎ እዋን፣ ቤተ ክርስትያን ዘመነ ስብከት ኢላ ትጽውዮ። እቲ ምኽንያት፣ ነቢያት፣ ጎይታ ስጋ ለቢሱ ክመጽእ ምዃኑ ስለ ዝመሃሩን ዝተነበዩን ብሓደ ወገን፣ በቲ ካልእ ድማ ቤተ ክርስትያን ነቲ ንድሕነት ደቂ ሰባት ኢሉ ዝተወልደ ክርስቶስ ስለ እትሰብኽ እዩ ነዚ ቅድሚ ልደት ዘሎ ወቕቲ ዘመነ ስብከት እትብሎ።
2ይ ሰንበት ናይዚ እዋን'ዚ ድማ ብርሃን ይበሃል። ነቢያት ናይ ህይወትና ብርሃን ዝኾነ ክርስቶስ ክውለድ እዩ ኢሎም ስለዝመሃሩ፣ ሓቀኛ ብርሃን ክመጽእ እዩ ኢሎም ስለ ዝሰበኹ፣ ብሓቂ እቲ ሓቀኛ ክርስቶስ ናይ ሓቂ ብርሃን ምዃኑ ዝሰበኽሉን ዝምስገነሉን እዋን እዩ።

ኢየሱስ ክርስቶስ ነታ ሓቀኛ ብርሃን ህይወት ናይ ደቂ ሰባት ዝገለጸ፣ ጸልማት ዘይመልኮ፣ ኣብ ጸልማት ዘብርህ ሓቀኛ ብርሃን እዩ። እዚ ካብታ “ኣፍደገ ብርሃን” ተባሂላ እትጽዋዕ ድንግል ማርያም ዝተወልደ፣ ህይወት ዝፈጠረ፣ ኣቦ ብርሃናት፣ ኣምላኽ ብርሃን፣ ካብቲ ኣቦ ህይወት ዝኾነ እግዚኣብሄር-ኣብ ዝተወልደ፣ ናይ ሕልናና ጸልማት ዝቐንጠጠ፣ ዓይኒ-ልቡናና ዝኸፈተ፣ ወዲ ሕያው ኣምላኽ፣ ዘይምርመር ፍጹም ብርሃን፣ "ብርሃን ዘኢይትነገር" እዩ።

ዮሃንስ ስለዚ ብርሃንዚ ክምስክር ተላእከ፣ ክምስክር ከሎ ድማ "እቲ ንኹሉ ሰብ ብርሃን ዝህብ ፍጹም ብርሃን ናብ ዓለም መጸ" እናበለ መስከረ። እዚ ብርሃን እዚ፣ እቲ ኣብ ውሽጢ ልብና ዘብርህ ብርሃን እዩ (2ይ ጴጥ 1፣19)። ንሱ ብርሃን ዓለም እዩ (ዮሃ 8፣12-59)። ብርሃን ኣሕዛብ ምዃኑ ድማ ካብ ጥንቲ ዝተፈልጠ እዩ (ኢሳ 49፣6)። እዚ ብርሃን እዚ ካብ ምዕንቃፍ የድሕነካ፣ ካብ ማህሰይቲ የናግፈካ፣ ከይትወድቕን ከይትሰናኸልን ይሕልወካ፣ ክዕንቅፈካ ዝኽእል ኩሉ ድማ ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ስጡሕ ይገብሮ።

ክቡር ኣንባቢ፣ እዚ ዓቢይ ብርሃን በሪሁልካዶሎ? እምበኣር ብብርሃን ጎይታ ተመላለስ። ግብርኻ ኩሉ ብርሃን ዝተመልአ ይኹን። ኣንታ ዕዉር'ውን ህይወት ካብ ሃለወካ፣ ንሱ ብርሃን ዕውራት እዩ'ሞ ካብኡ ኣይትርሓቕ። ንሱ ድማ ምርኣይ ክህበካ እዩ። ክፉእ ተግባር ዝገብሩ ሰባት ብርሃን ከምዘይፈትዉ፣ ንስኻ ግና ካብቲ ብርሃን ጎይታ ኣይትከወል። ካብ ብርሃን ዝኸወል ስራሕ፣ ወይ ኣብ ብርሃን ዘሕፍር ህይወት እንተለካ ግና ኣበሳኻ ብንስሓ ኣሊኻ ካብ ጸልማት ተገላገል።
ስለዚ፣ ብብርሃን ወንጌል ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣሚንካ፣ ብርሃን ለቢስካ፣ ብርሃን ተጎናጺፍካ፣ ምስቶም ውሉድ ብርሃን ዝኾኑ ጻድቃን ኣብቲ ናይ እግዚኣብሄር-ኣቦ ብርሃን ደው ንምባል ሕጂ ተጊህካ ተመላለስ።

<u>ካብ ያሬዳዊ መዝሙር፤</u>

1\. *ብርሃን ዘመጻ ውስተ ዓለም ዘ,የበርህ ላዕለ ጻድቃን መርዓዊሃ ለቤተ ክርስት,የን ይርዳእ ዘተሃጉለ፣ ,የስተ,ጋብእ ዝርዋነ፣ መጽኣ ሃቤነ።*
እዚ ናብ ዓለም ዝመጸ ብርሃን፣ ንጻድቃን ብርሃኖም፣ ንቤተ ክርስትያን ድማ መርዓዊኣ እዩ። ንሱ ዝተበተኑ ክእክብ፣ ዝተጎድኡ ክረድእ ናባና መጸ።

2\. *በከመ ይቤ ጳውሎስ ንግድፍ እምላእሌነ ኩሎ ምግባረ ጽልመት ወንልበስ ወልታ ጽድቅ እስመ ኢየሱስ ክርስቶስ መጽኣ ውስተ ዓለም ንዑ ናንሶሱ ውስተ በብርሃኑ።*
ጳውሎስ ከምዝብሎ፣ ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ዓለም መጺኡ እዩ'ሞ ኩሉ ግብሪ ጸልማት ሓዲግና፣ ዋልታ ጽድቂ ለቢስና፣ ብመገዲ ብርሃን ንመላለስ።

3\. *ብርሃን ዘበኣማን ዘ,የበርህ ለኩሉ ሰብእ ለእለ ይነብሩ ውስተ ዓለም።*
ኣብ ዓለም ንዘለዉ ኩሎም ብርሃን ዝህብ እቲ ሓቀኛ ብርሃን ክርስቶስ እዩ።

ክብሪ ንእግዚኣብሄር ይኹን። ኣሜን።

ትርጉም፡ ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፣ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።
ብፍቓድ ደራሲ መም. ልዑለቃል ኣካሉ።